# ቤት ትምህርቲ ሓድነት
(ወዲ ፊሊፖ)

ብኣወልኼር ዓ/ሓፊዝ

ንዘይ ምህውታትን ግዜ ንምቁጣብን ክሳድ ንምሓዝን ዝኣክል፤ **ኣብ ፍትሒ ዘይነገሶ ሃገር ሓድነት ህዝቢ ክትርእይ ሕልሚ`ዩ።** ንሓድነትካ ዝመርሑ ፍትሓውያን ኣለሊኻ ስልጣን ከም ዝጭብጡ ምግባርን መንገዲ ምጽራግን ካብ ሓጂ ክንዕጠቀሉ ዘለና ጉዳይ`ዩ ። ብዝተረፈ **ንምልኪ ኣፉኒኻ ንምልኪ ምቅባል`ውን ከም ዘሎ ዘይምርሳዕ።**

እቶም ንውሽጥን ንደገን ዝጥቀሙሉ ክልተ ገጽ ዘለዎም ሰብ ክልተ መልሓስ ፤ ንስለ ፖለቲካዊ ምቁማር፤ ንስለ`ቲ ፈላላይን ሾሽንያውን ዕርቃኖም ንምስታር፤ብዝኸውንን ዘይኮውንን ምኽንያታት ብሓድነት ዝሕለቁ ንምምሳል ዝገብርዎ ናይ ምምሳል ፈተነ ከም ሰገን ርእስኻ ሓቢእካ ስለ ዘይረኣኹኹም ኣይረኣኹምንን ከም ምባል`ዩ።

መምህራንን ተሓለቅትን ሓድነት ንምምሳል ትሕንጽጽዎ ይኹን ኣፍኩም ጨዲድኩም ትጭድርዎ ንምምዛን ግዜ ስለ ዝመሃረናን ስለ ዝተረኸብናን ብመርዝኹም ከይንህሰ ደጊም ተደሪዕና ኢና። ንስትዮ ማይ ካበይ ከም ንግልሎ ፈሊጥና ኢና። ኣይቀበጽናን ባሃልቲ እንተኾንኩም ከኣ፤ ንቤት ትምህርቲ ሓድነት በጺሕካ ንምምዳር ክሕለፍ ዘለዎ ባባት ከም መጠን ከሻፊ-ሓሶት ኮይኑ ክቀልዓኩም`ዩ።

ንጉዳይ ሓድነትና በዓል ኣቶ ግርማይ ኪዳነ ተታሓሒዘሞ ኣብ ዘለውሉ ዘመን " በዓል ይበሃል ኢላ" ኣብዚ ውራይዚ ምውድኽዳኽኩም ኮንቶ`ዩ። ሓቀይ`የ ! ኣብ ዘመን ዕግርግር፤ " ጎንጺ ኣስላም ክስታን" ዝበሃል ዘመን ኣብ ኣስላም ዝበዝሑዎ ዞና ኣስመራ (ኣኽርያ) ተቀማጢ፤(ወዲ ፊሊፖ) ምናልባት ካብ ሓደ ዘይርዳእ ኣስላማይ ኣካላዊ ይኹን ሞራላዊ ሃስያ ከይወርዶ በኣስላም ኣሕዋቱ ዝተኸብከበ ዝተሓለወ ሰብ ንላዕሊ መን`ዩ ስንቂ ሓድነት ክጽሮና ?!

ጸሬ ሓድነት ሓይልታት ዘይሕብራ ኣትሒዞም እስላማዊ መልክዕ ንዘልበስዋ ጋንታ ኩዒሶ እግሪ ካብ ጸወታ ክሲራ ንኽትወጽእ ምእንቲ ብዙሓት ካብ ተጻወታ ኣስላም ጸይሞም ኣብ ዘለዉሉ ቀትሪ ንኽትጻወት ምስ ተወሰነ፤ ክርስትያን ተጻወቲ ናይታ ጋንታ ኸኣ ንባህ ኣይበሎ ማይ ከይሰተዩ እኽሊ ከይለኸፉ (ጸይሞም) ንግጥም ኣትዮም ንኽዑሶን ንጸሬ ሓድነትን ስዒሮም ከም ዝወጹ፤ ካብዚ ተርእዮ`ዚ ኸኣ ክንመሃር ዘዀኽሩ መምህር ሓድነትና ኣቶ ግርማይ`ዮም።

ስም መራሒ ኣቦና ፍቶራሪ ዓሊ በኺት ዝሓዘ ጎደና ኣብ ዘመነ መግዛእቲ ከም ዘይጸነዔ፤ ኣብ ግዜ ነጻነት ምስተቦንቀረ፤ ዘስተባሃሉ ውሑዳት`ዮም። ተጠልያም ዘእወዩ ግና ኣቶ ግርማይ`ዮም ስለምንታይ?

ምኽንያቱ ንኹሉ ሓድነት ጠቀስ ዝግበእ ኣትኩሮ ክገብሩ ስለ ዝጸንሑን ሓድነታዊ ክብደት ፍቶራሪ ዓሊ በኺት ኸኣ ስለ ዝርደኦምን`ዩ።ካብቲ ካብ ኣቶ ግርማይ ዝተማሃርናዮ ከም ኣርኣያ ክንክተሎን ዝግበኣና ስነ ምግባር ዓሊ በኺት፤ ንኣብነት፦

ክርስትያን ኣኽርያን ከባቢኣን ኣብ ክንዲ ኩሉ ግዜ ንቤተ-ክርስትያን ቅድስቲ ማርያም ዝኳዓዙ ኣብ ኣኽርያ ቤተ-ክርስትያን ክስራሓሎም ሓቲቶም ምስሌነ ኣኽርያ ፍቶራሪ ዓሊ በኺት ኸኣ ምስ ኣፍቀዱ፤ ብቅድስቲ ማርያም ቤተ-ክርስትያን ተኸሲሶም ኣብ ቅድሚ መንግስቲ ጥልያን ምስ ቀረቡ ንድልየት ህዝቦም ኣዔዊቶም ከም ዝወጹ፡ ሽዑ ክርስትያን ኣኽርያን ከባቢኣን ንጻዕሪ ኣቦና ዓሊ በኺት ኣብ ግምት ብምእታው ነቲ ዝተሰርሔ ሓድሽ ቤተ-ክርስትያን ስም ከውጽኡሉ ሓተትዎም ፤ ኣቦና ዓሊ በኺት ኸኣ ናይ ስም ጉዳይ ነቲ

ህዝቢ ክርስትያን ዝምልከት ምዃኑ`ኳ እንተገለጹ፡ ናይ ግድን ምስ ተባህለ ግና፤ ኣቦና በሉ ኢሎም " ኣባና ጅብርል እንብሎ ንስኹም ኸኣ ገብሪኤል ትብልዎ መልኣኽ ኣሎ`ሞ እንዳ ገብርኤል በልዎ" በልዎም።

ካብ ሽዑ ኸኣ እቲ ኣብ ኣኽርያ (ኣጓዱ) ዝርከብ ቤተ-ክርስትያን እንዳ ገብርኤል ተባሂሉ ይጽዋዕ ኣሎ ። ኣብዘን ብኣቶ ግርማይ ዝተገልጸ ክልተ ሰለስተ ተርእዮ፤ ሰረት ሓድነትና ክሳብ ክንደይ ሓያል ምዃኑ ህዝብና ኸኣ ናይ ተኸባቢርካ ምንባር ባህሊ ዘለዎ ህዝቢ ምዃኑ ዘነጽር`ዩ። <u>ስለዚ ክሳራናን መኸሰብናን ብመጠን ሰብ`ዚ ባህሊ`ዚ ኣብ ስልጣን ምምጻእን ዘይምምጻእን`ዩ። ናይ ስልጣን ሕቶ`ዩ።</u>

ብዝተረፈ ኣቶ ግርማይ ኪዳነ ፈጣሪ ዕድመን ጥዕናን ሂብዎም ነቲ ተወዳዳሪ ዘይረኣኹሉ ንሓድነትና ዝምልከት ዘለዎም ዓሚቅ ፍልጠትን ተሞክሮን ተርእዮታትን ሰኒዶም፤ ከዕጥቁና`ሞ ንጸሬ ሓድነት ንምጥቃዕ ክንገጥመሉ ተስፋ እገብር።

A.A.Hafiz ( 152) 28/04/2013